ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ምምሕዳር ከተማ ሸራሮ ብናይ ስደተኛታት ተፅዕኖ ልምዓት ምላሽ ፕሮጀክት ምዕራፍ ክልተ በጀት ድጋፍ መሰረት ፅሩይ ዝሰተ ማይ መሰተ መጠራቀሚ ባዕለ 500 ሜኩ ሪዘርቫር ንምስራሕ ወይ ድማ ዕድጊት ንምፍፃም ስለዝደለየ ስራሕቲ ማይ ስራሕ ፈቃድ ዘለኩም ኮንትራክተራት ወይ ተጫረቲ ብዝተዳለወ ዲዛይንን ናይ ስፐስፊኬሽን መሰረት እቲ ስራሕ ሙሉእ ብሙሉእ አብ 2017 ዓም በጀት ዓመት ክስራሕ ስለዝተደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዘተዘርዘሩ ረቆሒታት እተማልኡ ኮንትራክተራት ወይም ተጫረቲ ነቲ ስራሕ ብኣግባቡ ተረዲኩም ንክትጫረቱ ንዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥሪ 10, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 20, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:150000
- ቦታ:ሸራሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:500
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 20, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/ ማይ ኻዕቲን ኢንስታሌሽን/

1 ኣብ በጀት ዓምተ 2017 ዓም ስራሕቲ ተቆራፃይ ማይ ዝተሐደሰ ንግድ ፍቃድ ዋናን ቅዳሕን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

2 ናይ ማይ ስራሕቲ ተቆራፂ ዝተሐደሰ ብቅዓት መረጋገፂ ሰርትፊኬት ተኮናተራይነት ዋናን ቅዳሕን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

3 ናይ ግበሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ዋና ቅዳሕ መረዳእታ እተቅርቡ

4 ብናይ ማይ ተቆራፃይ ናይ 2017 ዓም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ካርዲ ዋናን ቅዳሕን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

5 በቲ ልዕል ክብ ዝተገለፀ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምን ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብክምሉ ቅዳሕ መረዳእታ እተቅርቡ

6 ከምእዉን ናይ ወርሒ ሕዳር 2017ዓም ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝከፈልክምሉን ሒሳብ ዘወራረድክምሉን መረዳእታ እተቅርቡ ዋናን ቅዳሕን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

7 ቅድም ሕዚ ብሪዘርቫየር መስመር ዝረገሐን ሪቲንግ ዋል እንተነኣሰ 5000 ሚሊ ካብኡ ንላዕሊን ስራሕቲ ልምዲ ዘለዎም ኮይኖም ካብ መንግስታዊ ቤት ዕዩ ወይድማ ሕጋዊ ካብ ዝኮነ ትካል ዋናን ቅዳሕን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

7 ዝቀረበ ስራሕ ልምዲ ፅሬት ዘለዎን ዘየጠራጥርን ክከዉን አለዎ ኮይኑ ግና አጠራጣሪ ኮይኑ ዝተረከበ ስራሕ ልምዲ ቤት ፅሕፈትና ተወሳኪ ናይ ክፍሊት ሰነዳትን ንዉዕሊ ስምምዕንት ክሓትት ከምዝክእል ኣብ ግምት ብምእታዉ ኣድላይ ዘበለ ቅደመ ምድላዉ ክትገብሩን ኣብ ዝተሐተተ ግዜ ብቁልጡፍ ብሰዓትት አፈላላይ ክተቅርቡ ክተዳልዉ ብኣግኡ የፍልጥ

8 ሙሉእ ናይ ኮንስተራክን መሳርሒታት ብፍላይ ነቲ ስራሕ ዘድሊ ቀንድ ቀንዲ ማሽነሪ መሳርሒታት ማልት እወዉን ሚከስር ቫይቨሪተር ሲኖትራክ ናይ ፅዕነት መከና ናይ ዋንነት መረጋገፂ መረዳእታ ወይ ኪራይ እንተኮይኑ እዉን ናይ ኣካራይ ተካራይ ዉዕሊ ስምምዕነት በቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ዝቀረበ መረዳእታ ዋናን ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል

9 ኩሎም ዝቀርቡ መረዳእታት ንፁርነት ብዘለዎም ክቀርቡ ይግባእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10 መክበሪ ጨረታ 150000 ቅርሺ ብስፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ብሸም ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ምምሕዳር ከተማ ሸራሮ ከቅርብ ዝክእል

11 ተጫረቲ ዝመለእዎ ዋጋ ናይ ሐደ ዋጋን ጠቅላላ ወጋን አፈላለይ ክህልዉ የብሉን አፈላላይ እንተኣጋጢሙ ናይ ሐደ ዋጋ ተቀባነት ይህልዎ

12 ኣብዚ ጨረታ ክትሳተፉ እተደልዩ ተጫረቲ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ምምሕዳር ንበረትን ከተማ ሸራሮ ዘይመለስ 500 ቅርሺ እናከፈልኩም ካብ ዕለት 9/5/2017 ዓም ክሳብ 19/5/2016 ዓም ክሳብ 1200 ምዉሳድ ትክእሉ

13 ከይዲ ጨረታ ዝፀወሉ ዕለት 20/5/2017 ዓም ረፋድ ሰዓት 4:00 ኮይኑ ተጫረቲ መፅወዒ ሰዓት ክሳብ ሰነድ ጨረታ ናይ ምግዛእ መሰሎም ዝተሐለወ እዩ

14 ከይዲ ጨረታ ፋይናንስን ዕደጋ ኮሜቴ ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ተዓዘብትን ኣብ ዝተረከቡ 20/5/2017 ዓም ረፋድ ሰዓት 4:30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ሸራሮ ዝክፈት ይከዉን

15 ሰዓራይ ኮንትራክተር ካብ ዝሰዓሮ ወጋ 10 ሚእታዊ መክበሪ ዉዕሊ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ስፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ትሕጃ ከትሕዝ ዝክእል

16 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle